# ፍቑራትወለዲ

ህጻን ብምውላድኩም እንኳዕ ሓጎሰኩም ብለኩም። በዚናይ ፈለምቲ መጽሓፍቲ ገርና ንዓኩም ንውላድኩም ብሓባር ናብ ናይ ዓለም ቋንቋ ከነሰንየኩም ንደሊ። ውላድኩም ብጣዕሚ ይሕጎስ እተድኣ ንስኩም ምስኡ ምስ እትዛረቡን ንዕኡ ዛንታታት ምስእተዘንት ዉሉ ንመጽሓፍቲ ምስ እተንብቡሉን። በዚምኽያትዚኣብስዊዘርላንድዚውለድቆልዓመጀ መሪመጻሕፍቲተዓሺጉህያብይግበረሉ። እዚህያብእዚንዝበለጸዕብየትክጥቀመሉንትፎ። ጸጽቡቑድማንምየልኩም።

## ሓበራዊ ቛንቛን ምስ ሓደ ዛንታ ምልላይን

ምስ ህጻንኩም ኮይንኩም ናይ ስእሊ መጻሕፍቲ ምስ እትርእዩ በዚ ምኽያት ኣብ መንጎኩ ምን ኣብ መንጎ ህጻንኩምን ዘሎ ዝምድና ኣዝዩ ይዓቢ። ንደቁ መጻሕፍቲ ዘንብብ ወላዲ ንዕኦም ግዜን ማሙቕ ዝኮነ ሕቑፎን ሪዲኢታዊ ስሚዒትን ይምጥወሎም። ምንባብ ቡዙሕ ሓሳባት የፈልፍል። ንድውቅኩን ከኣ ምስ ቛንቛታትን ቡዙሕ ጸወታዊ ዓለምን ከም ዝላለዩ ይገብር። እተድኣ ንቆልዑ ቡዙሕ ዝንበበሎም ኮይኑ ኣዝዮም ቡዙሕ ቃላት ይፈል ጡን ምንባብ ኣብ ዝመሃርሉ ግዜ ክኣ ኣዝዩ ይቀለሎም።

## ምስ መጻሕፍቲ ምዕባይ

እዞም ዝስዕቡ ነጥብታት ውላድኹም ኣበየናይ ዕድሚኡ ኣየናይ ክእለትን ተገዳስነትን ከርኢ ከም ዘለዋ ሓበራዊ ዝኮነ ስእላዊ ግምት ክትረክቡ ከም እትክእሉ ንሕብር። እዞም ዝተጠቕሡ ነጥብታት ንኩሎን ህጻናት ኽምዘይኣጠቃልል ክንሕብረኩን ንፈቱ። ምክያቱ ዝኮነ ህጻን ናይ ገዛእ ርእሱ ዝኮነ ኣመዓባብላ ተውህቦ ስለ ዘልዋ

## ህጻን 6 ወርሒ፦

እቲ ህጻንነቲ መጽሓፍ ይትንክፎን ይነኽሶን።በዚ ምኽንያት ገይሩ እቲ ህጻን ክፈልጥ ይደ ሊ።እቲ መጽሓፍ ክብላዕ ዝከኣል ተኮይኑ ዝሸተት ዝከኣል ተኮይኑ ድምጺ ዝገብር ተኮይኑ ኣብ መልሓሱ ምስ ኣእተዎ ፍሉይ መቐረት ዝፈጥር ተኮይኑ፡ ከምኡውን እቲ ህጻን ገለ ሕብ ርታት ካብቲ መጽሓፍ ከለሊ ይኽእል።

## ህጻን 12 ወርሒ፦

እቲ ህጻን ነቲ ኣብ ኢዱ ዝሓዞ ኣዝዩ ተገዲሱ ይዕዘቦ።ንሱ ከኣ መጽሓፍ ምኽኣኑ ከለልዮ ይጅምር።እቲ ህጻን ኣዝዩ ይሕጎስ፡ነቲ መጽሓፍ ምስ ዝንበበሉን ምስኡ ኮንኩም ምስእትር እዎን።እቲ ህጻን ነቲ ኣብቲ መጽሓፍ ዝርከብ ስእልታት የለልዮን፡እንዳተሓጎሰ ከኣ የጣቕዕ። እቲ ህጻን ይርድኦ እቲ ስእሊ ብልክዕ ኣብቲ መጽሓፍ ቆይሙ ኣሎ ዶ የለን፧።

## ህጻን 18 ወርሒ፦

እቲ ህጻን ኣብዚ ዕድመ እዚ ምስቲ መጽሓፍ ኣዝዩ ጽኑዕ ዚምድና ፈጢሩ ይርከብ።እቲ ህጻን ነቲ መጽሓፍ ሒዝዎ ይዛወርን ንዕኡ ይግንጽሎን።ብኣጻብዕቱ ስእልታት ንወለዱ ከርኢ ይጅምር።እቲ ህጻን ይግምት እቲ ስእሊ ከመይ ከምዝመስል ግን ነቲ መጽሓፍ ገምጢሉ ይሕዞ።በዚ መንገዲ እዚ ውላድኩም ነቲ መጽሓፍ ከተንብብሉ ከምዘለኩም ይገ ልጸልኩም።

## ህጻን 24 ወርሒ፦

እቲ ህጻን ነቲ መጽሓፍ በቢሓደ ይግንጽሎ።ብተወሳኺ ነቲ ስእልታት ዝገልጽ ቃላት ክጽውዕ ይጅምር።ካብቲ ህጻን ዝጸውዖ ቃል ተበጊሱ ከኣ እቲ ወላዲ ምሉእ ሓሳብ የቐውም። እቲ ህጻን ከኣ ሕጽር ዝበለ ዛንታታት ክደግም ይጅምር። እቲ ህጻን ኣብ እዚ ዕድመ እዚ ንኣዝዩ ንውሕ ዝበለ ግዜ ተገዲሱ ዛንታ ክሰምዕ ይኽእል።እቲ ህጻን ከኣ ባንቡ ላታትን ናይ ጨርቂ እንስሳታትን መጻሕፍቲ ከንብበሎም ይጅምር። ባዕሉ ከኣ ሓደ ዛንታ ይፈጥር።

## ህጻን 36 ወርሒ፦

ኣብዚ ዕድመ እዚ እቲ ህጻን ትርጉም መጽሓፍን ኣተሓሕዝኡን ኣዝዩ ይፈልጦ እዩ።እንተድኣ ተንብብሉ ኣለኹም ኣዝዩ ተመሲጡ ይሰምዕን ዝኾነ ፍሉይ ነገር ካብቲ ዝንበብ ከቃልብ ይጅምር።እቲ ህጻን ባዕሉ ነቲ መጽሓፍ ከም ዘንብቦ ዘሎ መሲሉ እቲ ኣዝዩ ዝምስጦ ገጻት ናይቲ መጽሓፍ ብምግንጻል ደጋጊሙ ይርእዮ።

## ካብዚ ዝተጠቅሰ ዕድመእቲ ቆልዓ እንዳዓበየ ምሥኽይድ፦

እቲ ቆልዓ እዳዓበየ ምስከደ ኣዝዩ ትኩር እንዳኮነ ይኸይድ።እቲ ቆልዓ ካብዚ ዕድመ እዚ ዝተነበሉ ዛንታ ክዝክርን ባዕሉ ኣብ ርእሱ ነገራት ክቕርጽን ይጅምር። ኣብቲ ዛንታ ዝን በበሉ ግዜ ነቲ ዝተነበሉ ብናቱ ቃላት ገይሩ ይደግምን ዘይትረድኦ ክሓትት ይጅምር።በዚ ገይሩ ከኣ ምሳኹም ውላድኩም ናብ ዝርርብ ይኣቱ።

## መጻሕፍቲ ኣብ መዓልታዊ ሂወጽድራቤት

ምስ ውላድኩ ሓደ መጽሓፍ ከተንብቡ ከለኩም እኩል ዝኮነ ጊዜ መድቡ። ውላድኩም ነቲ ስእሊ ናይቲ ዛንታ ረጊኡ ክዕዘቦ ግዜ መጥውሉ። ኣብቲ ንውላድኩን ኣገዲስዎ ዘሎ ኣርእ ስቲ ክትጸቅጥሉ ይግበኣኩም። እቲ ህጻን ነቲ መጽሓፍ ባዕሉ ክግንጽሎን ሕቶታት ክሓት ትን ምሳኩም ኣብ ምልውዋጥ ሓሳባት ክነጥፍ ዕድላት ፍጠርሉ።

## እንኮዕ ናብ ቤት ንባብ ብደሓን መጻእኩም

ኣብ ቤት ንባብ ንስኩምይ ውላድኩምን ምስ መጻሕፍቲ ትላለዩን ትራከቡን። ኣብ ቤት ንባብ ንዓኩምን ንደቅኩምን ዝተፈላለየ ሓበሬታ ዝ ህ ብ መደባት ኣለና። ኣብቲ መደባት ድማ ብሓባር ምዝናርን ሓጸርቲ ግጥምታት ምድጋምን ዛንታ ምስማዕን ይጠቃልል። ኣብዚ መደባት ክጻተፉን ተካፈልቲ ናይ እቲ መደብ ክትኮኑን ንዕድም።

## ኣብዚ ናይ መጀመሪ መጻሕፍቲ መን ኢዩ ዝነጥፍ

ኣብዚ መደብ ብናይ ስዊዝ ህዝባዊ ቤት ንባብን ስዊዛዊ ትካል ናይ ቆልዑን መንእሰያትን መራከቢ ቡዙሃን ይካየድ።

**ዝኮነ ሓበረታ ኣብ በዚ ዝስዕብ ወብ ሳይት ትረክቡ**
www.bibliomedia.ch
www.sikjm.ch, www.isjm.ch, www.ismr.ch

www.buchstart.ch,
www.nepourlire.ch, www.natiperleggere.ch

**Tigrinya/Tigrigna/Tigrino**

Buchstart
Né pour lire
Nati per leggere
Naschì per leger